# ክታበት ኮሮና

**ብምሉኦም ነባሮ ትሮንድሀይም ክታበት ኮሮና ክኸተቡ ዕድል ተዋሂቡዎም ኣሎ። ብኢንተርነት ፎርም ብምምላእ(digitalt skjema) ክታበት ንኽትክተብ ቆጸራ ክትሕዝ ትኽእል ኢኻ።**



## ሕጂ ክታበት ኮሮና ንመን እዩ ዝወሃብ ዘሎ፧

ብምሉኦም ልዕሊ 16 ዓመት ዝዕድሚኦም ኣብ ዝኾነ እዋን ክታበት ክጠልቡ ይኽእሉ እዮም። ኣብ ክሊ ዕድመ 12 ክሳብ 16 ዓመት ዝርከቡ ፍቓድ ወለዶም ግድን እዩ ዘድልዮም።

65 ዓመት ወይ ልዕሊኡ ዝዕድሚኦም- ሳልሳይ መርፍእ ክታበት

ዕድሜኻ 65 ዓመት ወይ ልዕሊኡ እንተደኣ ኮይኑ:bestille oppfriskningsdose (dose tre) på Min side/ክታበት ዳግመ-ሕደሳ(ሳልሳይ መርፍእ ክታበት) ኣብ ሚን ሲደ ክትጠልብ ትኽእል ኢኻ።

ካልኣይ መርፍእ ክታበት ካብ ትውጋእ ብውሑዱ ሓሙሽተ ኣዋርሕ ዘሕለፍካ ክትከውን ኣለካ።

ካልኣይ መርፍእ ክታበት ካብ ትውጋእ ሓሙሽተ ኣዋርሕ ዘሕለፍካን መሰጅ/SMS ዘይመጸካን እንተደኣ ኮይንካ ግን ቆጸራ ክትሕዝ ትኽእል ኢኻ።

ተነካእቲ ሰባት - ሳልሳይ መርፍእ ክታበት

ሳልሳይ መርፍእ ክታበት ንኽትወስድ ካልኣይ መርፍእ ክታበት ካብ ትውጋእ ብውሑዱ ኣርባዕተ ሰምንታት ዘሕለፍካ ክትከውን ኣለካ።

ካብ ሆስፒታል ሳንት ኡላቭ ወይ ካልኦት ፍሉያት ኣገልግሎታት ሕክምና ሳልሳይ መርፍእ ክታበት ክትወስድ ዝሓሸ እዩ ዝብል ጽሑፋዊ ምኽሪ ዝተቐበልካ እንተደኣ ኮይንካ ኣብ Min side ብምእታው ብመገዲ ወብሳይት ኮሙነ ክትምዝገብ ኣለካ።

ካብ ፍሉያት ኣገልግሎታት ሕክምና ወይ ትሮንድሀይም ኮሙነ መሰጅ ወይ ጽሑፋዊ ሓበሬታ ዘይመጸካ እንተደኣ ኮይንካ እሞ ከኣ ካብዞም ጉጅለታት ኣብ ሓዲኦም እቲው እንተደኣ ኮይንካ ኣብ Min side ብምእታው ብመገዲ ወብሳይት ኮሙነ ክትምዝገብ ኣለካ።

ኣብ ትሮንድሀይም ኣብ መዓላ ዝውዕሉ ዘለዉ ክታበታት

ሕጂ ኣብ ትሮንድሀይም ክታበታት ፋይዘርን ሞደርናን እዮም ዝጥቀሙ ዘለዉ። Les mer på Folkehelseinstituttets nettsider/ተወሳኺ ሓበሬታ ኣብ ወብሳይታት ትካል ህዝባዊ ጥዕና ኣሎ.

# ክታበት ንኽትክተብ ቆጸራ ምሓዝ

## Skjema/ቅጥዒ

ኣብ ኢንተርነት ዝርከብ ቅጥዒ ብምምላእ ንኽትክተብ ቆጸራ ክትሕዝ ትኽእል ኢኻ።

Logg inn for å bestille time for vaksinering/ሎግ-ኢን ጌርካ ብምእታው ክትክተብ ቆጸራ ሓዝ

መቕርብካ ኣብዚ ቅጥዒ ብመረጋገጺ መንነት ኢንተርነት ሎግ-ኢን ጌሮም ብምእታው ቆጸራ ክሕዙልካ ይኽእሉ እዮም።

### ተለፎን

ኣብ ኢንተርነት ቆጸራ ክትሕዝ ዘይትኽእል እንተኾይንካ ናብ ቁጽሪ ተለፎን 90 50 90 52 ክትድውል ትኽእል ኢኻ።

### ቆጸራ ቅድሚ ምሓዝካ እዚ ዝስዕብ ክትፈልጦ ይግበኣካ

ቆጸራ ከይሓዝኩ ክርከብ(ብዘይ ቆጸራ ምርካብ) ይኽእል ድየ ወይስ ግድን እየ ቀጸራ ክሕዝ ዘለኒ፧

ኣብ ስሉፐን/Sluppen ዝርከብ መደበር ክታበት ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ ካብ ሰዓት 09.00-14.00 ዘሎ እዋን ብዘይ ቆጸራ ክትርከብ ትኽእል ኢኻ።

ይኹን ደኣ እምበር ሪጋ ንኸይፍጠር ኣቐዲምካ ቆጸራ ክትሕዝ ንምሕጸነካ።

ካልእ ዓይነት ክታበት ክኸተብ እንተደኣ ኮይነ ንኽንደይ ዝኸውን ግዜ ክጽበ ይግበኣኒ፧

ኣብ መንጎ ክታበት ኮሮናን ካልኦት ዓይነት ክታበታትን ብውሑዱ ናይ ሓደ ሰሙን ጋግ ክህሉ ይግብኦ።

ኣተርጓሚ ዘድልየኒ እንተኾይኑ እንታይ ክገብር ኣለኒ?

ኣተርጓሚ ዘድልየካ እንተደኣ ኮይኑ ንመስመር ተለፎን ኮሮና ብቑጽሪ 90 50 90 52 ተወከሶም። ንሶም ንክታበት ቆጸራ ይሕዙልካ፡ ከምኡ'ውን ኣድላዪ እንተኾይኑ ኣተርጓሚ ይጠልቡልካ።

ኣተርጓምን ሰራሕተኛታት ጥዕናን ምስጢር ናይ ምዕቃብ ግዴታ ኣሎዎም። ብዛዕባ ጥዕናኻ ዘለዎም ሓበሬታ ብምስጢር ይሕዙዎ ማለት እዩ።

## ቆጸራ ምስራዝ ወይ ምቕያር

ኣብ ሰዓትን ቦታን ቆጸራኻ ክትርከብ እንተደኣ ዘይጥዒሙካ ቆጸራ ኣብ logge deg inn på bestillingsskjemaet/ቅጥዒ መሊእካ ቆጸራ ትሕዘሉ ሎግ-ኢን ጌርካ ብምእታው ወይ 90 50 90 52 ብምድዋል ቆጸራኻ ክትቅይሮ ወይ ክትሰርዞ ትኽእል ኢኻ።

## ቆጸራይ መዓስ እዩ፧

ክታበት ንኽትክተብ ቆጸራኻ መዓስ ከምዝኾነ ንምርኣይ logge deg inn på bestillingsskjemaet/ኣብቲ ቅጥዒ መሊእካ ቆጸራ ትሕዘሉ ሎግ-ኢን ጌርካ ክትኣቱ ትኽእል ኢኻ።

# ትሕቲ 16 ዓመት ዝዕድሚኦም ቆልዑን ንኣሽቱን ንክኽተቡ ዝወሃብ ፍቓድ

ትሕቲ 16 ዓመት ዝዕድሚኦም ቆልዑን ንኣሽቱን ክኽተቡ እንተደኣ ኮይኖም ክልቲኦም እቶም ሞግዚትነት(foreldreansvar)ዘለዎም ወለዲ ክታበት ንኽወስዱ ጽሑፋዊ ፍቓድ ክህቡ ኣሎዎም። እቶም ቅጥዕታት/ፎርምታት ናብ መደበር ክታበት ተማላኣዮም።

ብመንግስቲ ዝእለዩ ቆልዑ እቲ ሒዙዎም ዝመጽእ ሰብ ካብ ኣገልግሎት ተሓለቕቲ ቆልዑ ጽሑፋዊ ፍቓድ ሒዙ ክመጽእ ኣሎ።

ዝተመልአ samtykkeskjema/ቅጥዒ ፍቓድን egenerklæringsskjema/ቅጥዒ ርእሰ-ገለጻን ናብ ቆጸራ ክታበት ሒዝኩም ምጹ።

## ግብራዊ ሓበሬታን ኣብ ቦታ ክታበት ምርካብን

ክታበት ኣበይ እዩ ዝወሃብ፧

ክታበት ኣብ ስሉፐን እዩ ዝወሃብ።

ኣድራሻ: Sluppenvegen 14, NTNUs eksamenslokaler.

**ምዕሻግ መኪና:** ኣብ ድሕሪ እቶም ኣዳራሻት ክሳብ 300 መካይን ክዕሸጋ ባይታ ተጣጢሑ ኣሎ።

**ኣውቶቡስ:** AtB ኣብ መንጎ Lerkendalን Sluppenን ብቐጻሊ ዝመላለሳ ኣውቶቡሳት(ቁጽሪ 19) ኣሎዎኦም። ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ ካብ ሰዓት 07.59 ክሳብ 15.49 ዘሎ እዋን ኣብ ዐዕስራ ደቒቕ(20) ካብ Lerkendal ደርሶ-መልሶ ዝኸዳ ኣውቶቡሳት ኣሎዋ። Se mer informasjon på AtBs nettsider/ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ ወብሳይታት AtB ተመልከት.

[Her kan du se en film om hvordan vaksineringen foregår på Sluppen/ኣብ ስሉፕን ክትበት ብኸመይ ዓይነት ኣገባብ ከምዝፍጸም ዘርኢ ፊልም ኣብዚ ኣሎ።]

[Les mer om vaksinestasjonen på Sluppen/ብዛዕባ ኣብ ስሉፕን ዝርከብ መደበር ክታበት ተወሳኺ ሓበሬታ ኣንብብ].

## ከሙነ ካብን ናብን መደበር ክታበት ባዕሉም መጓዓዝያ የዘጋጅዉ ድዮም፧

ኣይፋል፡ ናብ እንዳ ክታበት ንምኻድ መጓዓዝያ ባዕልኻ ኢኻ ሓላፍነት ክትስከመሉ ዘለካ።

AtB ኣብ መንጎ Lerkendalን  Sluppenን ብቐጻሊ ዝመላለሳ ኣውቶቡሳት ኣሎዎኦም(ቁጽሪ 19)። ኣውቶቡስ ትኸደሉ ሰዓታት በዞም ዝስዕቡ ነጥብታት ሓበሬታ ክርከብ ይከኣል

- AtB reiseplanlegger
- AtB rutetabeller፡ ከምኡ'ውን  atb.no ብቐጻሊ ዝወጽእ ሕጡበ-ጽሑፍ
- www.atb.no/aktuelt/vaksinebuss-til-sluppen-article16018-28.html
- Rutetabellen/ሰደቓ ሰዓታት ኣውቶቡስ ኣብ ውሽጢ ቀጽሪ መደበር ክታበት ኣብ መንደቕ ዝልጠፍ ኮይኑ ሰሙናዊ እዩ ዝሕደስ።

[Se mer informasjon på AtBs nettsider/ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ ኣብ ወብሳይታት AtB ተመልከት.]

## ኣብ ቆጸራይ ክርከብ ከለኹ ክርስያም ዘይብሎም ነጥብታት እንታይ እዮም፧

- ኣብ ሰዓትካ ብልክዕ ተረከብ
- መሸፈኒ ኣፍን ኣፍንጫን ተጠቐም
- ታሴራ ተማላእ፡ ንኣብነት ፓስፖርት፡ ሃገራዊ መንነት ካርድ፡ምስክር ወረቐት ወይ ስእሊ ዘለዎ ካርድ ባንክ ክኸውን ይኽእል።
- ክታበት ንኽትውጋእ ምቹእ ዝኾነ ክዳውንቲ ልበስ፡ ንኣብነት ማልያ።
- ዝተሓደሰ ዝርዝር ኣፋውስ ተማላእ።

## ዘሰንየኒ ሰብ ክማላእ ይኽእል ድዩ፧

ኣድላዪ እንተኾይኑ ዘሰንየካ ሰብ ክትማላእ ትኽእል ኢኻ።

ክታበት ምስ ተወጋእካ ንኽትወጽእ መውጽኢ ስንኩላን ምጥቃም ዘድልየካ እንተኾይኑ ክትኣቱ ከለኻ ነቲ ሓላዊ ክትሕብሮ ኣለካ፡ መታን መውጽኢ ክወሃበካ።

ክታበት ምስ ተወጋእኩ ብቕጥታ ድየ ካብኡ ክኸይድ ዝኽእል፧

ክታበት ምስ ተወጋእካ ን20 ደቓይቕ ክዕዘቡኻ እዮም።

ቅድሚ ሕጂ ክትክተብ ከለኻ ክብድ ዝበለ ኣለርጂካዊ ግብረ-መልሲ ኣጋጢሙካ ዝፈልጥ እንተኮይኑ ድማ ን60 ደቓይቕ ክዕዘቡኻ ኣሎዎም።

ዋላ ይሕመም ኣብ ቆጸራይ ክርከብ ይኽእል ዶ፧

ኣይፋል፡ክታበት ክትውጋእ ኣብ ትመጸሉ እዋን ጥዕናኻ ግድን ምሉእ ክኸውን ኣሎዎ።

ምልክታት ሰዓል ወይ ምልክታት ካልኦት ረኽሳዊ ሕማማት እንተደኣ ሃልዮምኻ ኣብ ቆጸራ ከይተረከብካ ክተርፍ ኣለካ።

# ምስክር ወረቐት ኮሮና

ምስክር ወረቐት ኮሮና ክቱብ እንተኾይንካ፡ ሕማም ኮቪድ-19 ስለዝሓዘካ ብዩን እንተኾይንካ፡ ከምኡ'ውን ኣሉታዊ ዝውጽኢቱ መርመራ ኮሮና ዝገበርካ እንተኾይንካ እዩ ዘርኢ።

Logg på helsenorge.no for å se ditt koronasertifikat/ምስክር ወረቐት ኮሮና ንምርኣይ ኣብ helsenorge.no ኣቲኻ ርኣዮ

Mer informasjon om koronasertifikat på helsenorge.no/ኣብ helsenorge.no ብዛዕባ ምስክር ወረቐት ኮሮና ተወሳኺ ሓበሬታ ከምኡ'ውን FHI/ትካል ህዝባዊ ጥዕና።

# ተወሳኺ ሓበሬታ

## ብዛዕባ ክታበት ኮሮና

- Om koronavaksine på helsenorge.no/ብዛዕባ ክታበት ኮሮና ኣብ helsenorge.no
- Om koronavaksine fra Folkehelseinstituttet/ትካል ህዝባዊ ጥዕና ብዛዕባ ክታበት ኮሮና ዘዳለዉዎ ሓበሬታ

- Koronavaksine på 1-2-3/ቅልጡፍ ሓበሬታ ብዛዕባ ክታበት ኮሮና - ብስእልታት ዝተሰነየ ሕጽር ዝበለ ሓፈሻዊ ሓበሬታ ብዛዕባ
- Om vaksinering - informasjon på flere språk/ብዛዕባ ክታበት-ሓበሬታ ብዝተፈላለዩ ቋንቋታት - ቅልል ዝበሉ ገለጽቲ ፊልምታት

## ብዛዕባ ክትበት ኣብ ክሊ-ዕድመ 12 ክሳብ 15 ዓመት ዝርከቡ መንእሰያት

- Koronavaksine for ungdom 12-15 år/ክታበት ኮሮና ን ኣብ ክሊ-ዕድመ 12 ክሳብ 15 ዓመት ዝርከቡ መንእሰያት - ብስእልታት ዝተሰነየ ሕጽር ዝበለ ሓበሬታ
- Mer informasjon fra Helsedirektoratet om samtykke på vegne av barn til koronavaksine/ቆልዑ ክታበት ኮሮና ክወስዱ ንዝወሃብ ፍቓድ ዝምልከት ተወሳኺ ሓበሬታ ካብ ቤት-ጽሕፈት ጉዳያት ጥዕና
- Informasjon om koronavaksine for barn og ungdom i alderen 12-15 år/ሓበሬታ ብዛዕባ ኣብ ክሊ-ዕድመ 12 ክሳብ 15 ዓመት ዝርከቡ ቆልዑን መንእሰያትን ዝወሃቦም ክታበት ኮሮና (ትሮንድሀይም ኮሙነ)